# ነቲ ምምቕቓል ምልጋቡ፣ ስለምንታይከ ናይ ሰላም ዝርርብ የድሊ ወይ የገድስ?

ደገፍቲ መንግስቲ ብተቓወምቲ ከም ዕላማ ሰውራዊ ቃልስና ዝጠለሙ ኮይኖም ዝርኣዩ እንድሕሪ ኮይኖም ከመይ ጌርካ ትርጉም ዘለዎ ወይ ፍረ ዘለዎ ናይ ሰላም ልዝብ ክካየድ ይኽእል? ደገፍቲ ንተቓወምቲ ከም ጸረ ሃገርን ካብ ሃገራዊ መምንነት ዝረሓቑን ገይሮም ዝርእይዎም እንተ ኾይኖም ምስኣቶም ናይ ሰላም ዝርርብ ወይ ዘተ ክቕጽሉ ይኽእሉዶ?

ዛራ ሰላም ሚድያ ነዘን ክልተ ሕቶታት እዚኣተን ኣጸቢቓን ዝተኣሳሰራን ኣዝየን ዝተዛመዳን ብምዃነን እሞ ነቲ ሕጉን ምትፍናን ዘለዎ ኣተሓሳስባ ስለ ዘንጸባርቓ ነቲ ናይ ሰላም ልዝብ ዳርጋ ዘይከኣል ስለ ዝገብርኦ ብሓንሳእ ክትምልሸ ትመርጽ።

## 🔥 ምንጪ ወይ ሱር ናይቲ ምምቕቓል

ተቓወምቲ ጉጅለታት ንደገፍቲ መንግስቲ (ህግደፍ) ነቲ ድሕሪ ነጻነት ክትግበር ዝነበሮ መትከላት ናይ ዴሞክራሲን ፍትሕን ተሓታትነትን ዝነበረ መብጻዓ ከም ዝጠለሙ ገይሮም ይርእይዎም። ደገፍቲ መንግስቲ (ህግደፍ) ድማ ብጊዲኦም ንተቓወምቲ ከም ዘይ ሓርበኛታትን ንሃገራዊ ዕማምን ዕላማታትን ዘይምእዙዛትን ዋላ እውን ምስ ጸላእቲ ሃገረ ኤርትራ ዝወግኑ እም ንናይ ሰዉኣት ዝኽፈልዎ መስዋእቲ ዘነኣእሱ ገይሮም ይርእይዎም።

እዚ ኣረኣእያን ሚዛንን እዚ ብናይ ማሕበርዊ መራኽብታትን ሚድያታትን ናይ ዩቱዩብ ቻነላታን ዘይተጻረየን ሓቅነቱ ዘይተረጋገጸ ርእይቶታን ብተደጋጋሚ ስለ ዝተዘርገሐ ናይ 24/7 ዘይምትእምማን ህሞት ፈጢሩ እዩ። ውጺኢቱ ኸኣ እዚ ዝስዕብ ኮይኑ ይርከብ፡

- ሕኑን ስምዒት
- ጠርጣሪ ኣረኣእያ
- ስሚዒታዊ ማለ ስነ ኣእሙራዊ ድኻም
- ነንሕድሕድካ ጽን ኢልካ ዘይምስማዕ

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታትን ህሞትን ዝኾነ ደጋፊ መንግስቲ ምስ ተቓዋማይ ኮፍ ኢሉ ክመያየጥ ፍቓደኛ ኣይከውንን። ዝኾነ ተቓዋማይ ድማ ብግቿኡ ምስ ናይ መንግስቲ ደጋፊ ኮፍ ኢሉ ክመያየጥ ኣይደልን። ስለ ዝኾነ ድማ ልዝብ ከይ ጀመረ ይቕህም ወይ ይተርፍ።

## 🗣 ናይ ርኽክብ ምብታኽ

ዋላ ኣብ ውሽጢ ናይ ተቓወምቲ ጉጅለታት ንርእሶም ምይይጥ ወይ ክትዕ ናብዚ ዝስዕብ ይልወጥ፡

- ኣብ ርእሲ ሓድ ሕድ ምዝራብ - ጽን ኢልካ በብተራ ሓሳብካ ዘይምቕራብ
- ስምዒታዊ መልስታት ኣብ ክንዲ ብርግኣት ሓሲብካ ምምላስ
- ጭቕጭቓዊ ክትዓዊ ምልውዋጥ
- ጽን ኢልካ ዘይምስማዕ ፣ ልዙብ መብርሂ ዘይምሕታትን ዘይምሃብን፣ ህዱእ ዝኾነ ርእይቶ ዘይምንጽብራቕን

እቶም ኣገደስቲ ስጉምታዊ ነጥብታት ፡ ጽን ኢልካ ምስማዕን፣ መብርሂ ምሕታትን፣ ንተረድኦኻ ምርግጋጽን ብልቦና ምምላስን ዳርጋ ህሉዋት ኣይኮኑን።

ጽን ኢልካ ምስማዕ ምስ ዘይህሉ ምርዳእ ኣይህሉን። ምርዳእ እንድሕሪ ዘየሎ ኸኣ ናይ ሓባር ባይታ ይጠፍእ። መጀመሪ ዝኸውን ናይ ሓባር ባይታ ምስ ዘይህሉ ድማ ዝኾነ ሃገራዊ ጉዳይ ክፍታሕ ኣይከኣልን።

## 🌱ስለምንታይ እያ ዛራ ሰላም ሜድያ ጽን ኢልካ ብምስማዕ ምጅማር ትብልን ትደጋግሞን?

በዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ምኽንያታት እያ ዛራ ሰላም ሜድያ ስትራተጂኣ ወይ ከኣ ናይ ጉዕዛኣ ቅዱ በቲ መሰረታውን መባእታውን ዝኾነ ናይ ምስማዕ ደረጃ እትጅምሮ።

ጽን ኢልካ ምስማዕ ድኽመት ኣይኮነን፡ ጽን ኢልካ ምስማዕ ስዕረት ኣይኮነን፡ ጽን ኢልካ ምስማዕ ብሓሳብ ምስምማዕ ማለት ኣይኮነን።

ጽን ኢልካ ምስምማዕ እቲ ኹሉ ትርጉም ወይ ፍረ ዘለዎ ዝርርብን ልዝብን ዝቦቕለሉ ዘርኢ እዩ።

🌱ከምቲ ዛራ ማይ ንስራውር ኣትክልቲ ዝምግበን ጽን ኢልካ ምስምማዕ ድማ ንስራውር ናይ ሰላም የዐንግለን።
🌿 ከምቲ ሰራውር ንምልእቲ እታ ተኽሊ ትምግባ ጽን ኢልካ ምስምማዕ ድማ ነታ ምልእቲ ዝርርብን ልዝብን ትምግባን ከምትቕጽል ትገብራን።

ዛራ ሰላም ሜድያ ኤርትራውያን ፖለቲካዊ እምነቶምን መርገጾምን ብዘየገድስ በዘን ዝስዕባ ክጅምሩ ትጽውዕ፡

- ኣኽብሮታዊ ቃና ወይ ድምጺ
- ናይ ምፍላጥ ባህጊ ኣብ ክንዲ ክሲ
- ትዕግስቲ ኣብ ክንዲ ህዉኽ መልሲ
- ትሕትና ኣብ ክንዲ ኣስማት ምውጻእ ወይ ጸርፊ

ጽን ኢልካ ምስምማዕ መሰረታዊ ናይ ሓባራዊ ክብርታት ዳግማይ ትድህስሰሉን፣ ምትእምማን ደጊምካ ትሃንጸሉን ማዕጾ ናይ ሰላማዊ ልዝብን ዘተን ትኸፍተሉን ስጉምቲ እዩ።

## 🤝 ንቕድሚት ናይ ምስጓም መንገዲ

ናብ ሰላም ገጾም ምእንቲ ክጓዓዙ ኤርትራውያን ነዘን ዝስዕባ ሰለስተ ኣገድስቲ ነጥብታት ክዘውትርወን ይግባእ፡

### 1️⃣ቅድሚ ምፍራድካ ስማዕ

### “ጽን ኢልና እንሰምዕ ክንሰማማዕ ዘይኮነስ ክንርዳእ እዩ።”

### 2️⃣ናይ ሓባር መሰረታውያን ነገራት ተቐበል

### ዋላ ፖለቲካዊ ፍልልያት እንተ ሃለዉና ኤርትራውያን እዘን ዝስዕባ ናይ ሓባር ሓቅታት ኣለዎኦም

- ሃገራዊ ነጻነት

- ንሰዉኣትና ልዑል ኣኽብሮት
- ሃገራዊ ኤርትራዊ መንነት
- ንመንእሰያትን ንኤርትራውያን ስደተኛታትን ምሕሳብ
- ፍቕርን ኣኽብሮትን ንሃገርና ኤርትራ

እዘን ሓቅታት እዚኣን ፖለቲካዊ መርገጺት ዘይኮናስ ሰብኣዊ ሓቅነታትና እየን።

3️⃣ ንኹሉ ድምጽታት ቦታ ሃብ

**ዝርርብን ክትዕን ልዝብን ብምንጽጻግ ክጅምር ኣይክእልን እዩ። ብህላዌን ብትዕግስትን ናይ ነንሕድሕድ ርእይቶ ንምስማዕ ድሌትን እዩ ዝጅመር**

## 🕊️ ናይ ዛራ ሰላም ሚድያ መትከላዊ ኣትኩሮ ወይ ተበግሶ፥

**ዛራ ሰላም ሜድያ ናይ ሰላም መንገዲ እትመርጸሉ ምኽንያት ሰላም እታ እንኮ ናብ ሃገራዊ ሕውየት እተብጽሕ መንገዲ ስለ ዝኾነት እያ። ንሕና ነዚ ዝሰዕቡ ንምትግባር ነተኩር፥**

- ኣኽብሮታዊ ልዝብን ክትዕን ንምትብባዕ
- ጸርፍን ምድሃልን ንምውጋድ
- ናይ ሓባር ሓቅታትን ነጥብታን ንምንጽብራቕ
- ባህላዊ ልቦናን ሓቅነትን ትሕትናን ንምግላጽን ንምብራህን
- ኣብ ሞንጎ ፖለቲካዊ ፍልልያት ዘሎ ጋግ ንምጽባብን ንምጽጋንን
- ጽን ኢልካ ናይ ምስምማዕ ባህሊ ንምፍጣርን ንምድንፋዕን

*🍃 እቲ ጉዕዞ ነዊሕ እዩ፣ እንተኾነ ግን ኤርትራ ደቃ ነንሕድሕዶም ብዘይ ሰክፍታን ብኣኽብሮትን ተሰፉን ዝላዘቡላ ሃገር ክትከውን ዝግባኣ ሃገር እያ። 🍃*